

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.283 | ዓርቢ 26 ሓምለ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጸቕጢ ደም ኣብ እንዕቀነሉ. . .




ገጽ 3
ዕላል ምስ ገዲም ተጋዳላይ ሳልሕ (ብርዚ)



ገጽ 4
ብነፋሪት ኣብ እንበርረሉ ግዜ. . .



ገጽ 5
ሓጺር ታሪኽ ሂወት ስዉእ ተጋዳላይ መኰንን ኪዳነ (ሻባይ)



ገጽ 7
ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024፡ ሎሚ ክኽፈት እዩ




## ሚ/ሕርሻ፡ ኣብ ምምሕያሽ ስርዓተ-መግቢ ዝዘተየ ዓውደ-ዘተ ወዲቡ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምስ ቤት-ጽሕፈት ውድብ መግብን ሕርሻን ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ትማሊ 25 ሓምለ ኣብ ኣስመራ - ኣብ "ምምሕያሽ ስርዓተ-መግቢ" ዝዘተየ ዓውደ-ዘተ ወዲቡ።

ኣብ'ዚ ፕሮጀክት ልምዓት ምርባሕ ኽበ.ን ምምሕያሽ ኣመጋግባን መኣዘውቲትን ንምብጻሕ ዝተወደበ ዓውደ-ዘተ፡ "ምስ ክሊማ ዝሰማማዕ ምርባሕ ኽብትን ሰንሰለት ክብሪ መዓርን" ከምኡ'ውን "ምምሕያሽ መኣዘን ስርዓተ-መግቢን ብመንገዲ ንመኣዘውቲ ኣብ ግምት ዘእቱ ሕርሻ" ዝብሉ ኣርእስትታት ንዘተ ቀሪቦም።

እቲ ተበጊሱ ዘሎ ፕሮጀክት፡ ሓብራዊ መረዳእታ ንምፍጣር፣ ኣብ መንጎ ምርባሕ ኽበ.ን ንክሊማ ዝምችእ ሕርሻን ዘሎ ናይ ምውህሃድ ሽግራት ንምልላይ፣ ኣብ ትግባረ ተበጊሱ ዘሎ ፕሮጀክትታት ንምዝታይን ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕን፣ ንቀጻሊ ንምኽታል ዝሕግዝ ሓፈሻዊ ኣገባብ ንምምዕባል፣ ኣብ ሓባራዊ ናይ ምብህሃል ምሕደራ ፍልጠትን ስትራተጂ ንምስምማዕ ዝዓለመ እዩ።

ተሳተፍቲ፡ ናይ ምግራብ ባህሊ ክተባብዑ፣ ንምርባሕ ኽበ.ን ዘተባብዑ ምቹእ ኣከባቢ ንምፍጣር ብዕቱብ ክሰርሑ፣ ንቐጻሊ ሕብረተሰብ ኣብ ምርባሕ ኽሓበን መኣዘዊ ኣመጋግባን ክበርኽ፣ ጸጋታት መሻርኽቲ ክውደብን ክወሃሃድን፣ ሓረስቶት ብዝተወደበ ኣገባብ ክዕዩ፣ ምርባሕ ኽሓበን ምፍራይ መዓርን ምስ ሸቶታት ዘላቒ ልምዓት ክምዝሰማማዕ ክግበር ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ወከልቲ ሚኒስትሪታት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ኣማኸርቲ ካብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ወከልቲ ትካላት ውሕ.ሃ. ኣብ ኤርትራ ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም፡ ስርዓተ-መግቢ ንምምሕያሽ ኣብ ዝጸልዉ ብደሃይታት ተራ መሻርኽቲ ክዕዘዘ፡ ጸጋታት ብምንቅስቓስ ንዘለዓለ ስራሕ ተበግሶ ክውሰድ፣ ብዝተሳተፍቲ ዝተዋህበ ሓሳባት ተገምጊሙ ኣብ ትግባረ ዝውዕለሉ መንገዲ ክናደ ተላቢዩ።



ስእሊ ◆ ብሳልሕ ዓብደልቃድር

## ደቀምሓረ - 25 ኣባላት ፖሊስ ብቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር ሰልጢኖም

ኣብ ደቀምሓረ ዝርከብ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን፡ ንሓደ ወርሒ ብቴክኖሎጂ ኮምፒዩተርን ኢንተርነትን ዝሰልጠኑ 19 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 25 ኣባላት ፖሊስ ብ24 ሓምለ ኣመረቑ።



ኣብ'ቲ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ፖሊሳዊ ትምህርቲ ሜጀር ዓንደም መሓሪ ሰልጠንቲ ኣብ ክለን ሆቡታት ዝተዋጽኡ ምዃኖም ብምሕባር፡ ኣቲ ብቐንዱ ኣብ ምክልኻል ገበን ዘተኩረ ብዮዝበሪ ዝተሰየ ትምህርቲ፡ ኣብ'ቲ ዝተመደብሉ ግዜ ብብቕዓት ከምዝዛዘምዎ ገሊጹ።

ሰልጠንቲ፡ ካብ ኢድ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ብ/ጀነራል ኣደም ከካል፡ ምክትል ኣዛዚ'ቲ ማእከል ኮ/ል ዘርኣይ ቃልኣብን ሓላፊ ምምሕዳር ፖሊስ ኤርትራ ሌ/ኮ ሃይለ በርሀን ወረቐት ምስክርን ሽልማትን ተቐቢሎም።

ኣሰልጠንቲ ኣብ መወዳእታ፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣብ ቦታ ስራሕ ብቐጻሊ ጻዕሪ ክምዕብልዎ ተላብዮም።

## ዓንሰባ - ብኣካዳሚን ሞያ ሕርሻን ዝሰልጠና ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ተመሪቖን

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ዓንሰባ፡ ንኣስታት 10 ኣዋርሕ ብኣካዳሚን ሞያ ሕርሻን ክሰልጥና ዝጸንሓ 219 ኣባላት መበል 34ን 35ን ዙርያታት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብ19 ሓምለ ኣመሪቑ።

እቲ ብዮዝበሪ ተሰኒዩ ዝተዋህበ ትምህርቲ፡ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ምርባሕ ደርሁ፡ ልምዓት መዓር፡ ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ልምዓት መስኖን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ንተመረቕቲ የቐንየልኩም ድሕሪ ምባል፡ ሞያ ሕርሻ - ኣብ ስራሕ ምስ ሓረስቶትን ክኢላታት ሕርሻን ብዝዋሃደ ወሀድ ንጥፈት ዝያዳ ክምዝምዕብል ብምዝኽኻር፡ ስትራተጂ ጽላት ሕርሻ ሃገርና ንምዕዋት ኣበርክቶአን ክዕዘዝ ተላብዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ መሳ ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ኣብ'ቲ መንግስቲ ሒዝዎ ዘሎ ናይ ልምዓት መደባት ዕዙዝ ኣበርክቶ ክህልወን - ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንተመሃሮ ብሓፈሻ ወረቐት ምስክር፣ ጸብለል ንዝበላ ድማ ሽልማት ተዓዲለን።

## ማእከል - ኣባላት ዝተፈላለያ ትካላት 68 ከረጺት ደም ለጊሶም

ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኤርትራ ምስ ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንክ ደም ብምትሕብባር ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት ዝሳተፉ ዘለዉ ኣባላት ዝተፈላለያ ትካላት፡ ካብ 19 ክሳብ 21 ሓምለ 53 ከረጺት ደም ለጊሶም።

እቲ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ሃገርና ንጥፈታት ወለንታዊ ልግሲ ደም ንምዕባይ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ ከምዝኾኑ፡ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ መደብ ሓቢሮም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣባላት ፍሉይ ቤት-ፍርዲ ብ19 ሓምለ 15 ከረጺት ደም ከምዝለገሱ፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንክ ደም ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።



ስእሊ ሳሚኤል ንጉስ



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

ጸቕጢ ደም፡ ደምና ብሻምብቆታት ኣርተሪ ክሓልፍ እንከሎ ዘድልዮ ሓይሊ የመልክት። ልቢ ኣብ እትንቀሳቐሰሉ እዋን ... ልቢ ኣብ እትገብሮ ነፍሲ - ወከፍ ትርግታ፡ ናብ ሻምብቆታት ኣርተሪስ ደም ትጭንገዕ እያ። ልቢ ደም ኣብ እትጭንገዓሉ ጸቕጢ ደም ዝለዓለ ይኸውን። እዚ፡ 'ጸቕጢ ሳይስቶሊክ' (systolic pressure) ንበሎ። ልቢ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ምጭንጓዕ ዘለዋ ዕረፍቲ ጸቕጢ ደም ይጎድል። እዚ ድማ፡ 'ጸቕጢ ድያስቶሊክ' (diastolic pressure) ንበሎ።

ንኡብ ጸቕጢ ደም እንምዝገብ፡ ዝዓቐኑ ክልተ ዓቐን ጸቕጢ ደም እዩ ዝልክዑ። ኣሃዝ ናይ 'ሳይስቶሊክ' ልዕሊ 'ድያስቶሊክ' ይመጽእ።

ሓደ ሰብ ህልው ዓቐን ደም ናይ 'ሳይስቶሊክ' ልዕሊ 140 ናይ 'ዲያስቶሊክ' ድማ ልዕሊ 90 ምስ ዝኸውን ጸቕጢ ደም ኣለዎ ክንብል ንኽእል።

'ዲያስቶሊክ' ምስ ዕድመ፡ ብፍላይ ካብ 55 ዓመት ንደሓር፡ ብተፈጥሮ እናንደለ ክኸይድ ንቡር እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓላይም ካብ ዓቐን ልዒሉ ንዝጸንሐ ሳዕለዋይ ንኡብ ጸቕጢ ደም ማለት 'ሳይስቶሊክ' ብምጉዳል፡ ህይወት ንምድሓን ልዑል ኣደኻሆ ክገብሩ ይረኣዩ ኣለዉ።

ክብደት ሰብነት ምጉዳል፡ ውሑድ ጨው ምውሳድ፡ ቀጻሊ ምውስዋስ ኣካላት ምኪያድ ከምኡ'ውን ምትኻኽ ሽጋራ ምቁራጽ ንሳይስቶሊክ ዓቐን ጸቕጢ ደም፡ ብዘይ መድሃኒት (non-medicinal) ንምጉዳል ዝሕግዘ ኣገባብ እዩ። ኣብ ሕክምና ብምኻድ ብሓኪይም ዝወሃብ ግቡእ ክዝክኽን መድሃኒትን ድማ እቲ ካልእ ንሳይስቶሊክ ንምጉዳል ዝሕግዘ ኣገባብ ፍወሳ ምኻኑ ኣይተዘንግዕ።

ኣስተብህሉ፡ ንኡብ ጸቕጢ ደምና እናሻዕ ክውሰኽን ክጎድልን ይኽእል እዩ። ኣብ እንዕቀኑሉ እዋን እቲ ንኡብ ንጹርን ተኣማንን ክኸውን ምእንቲ እዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ከስተብህሎም የድሊ።

**ተዛረኻ ምጽናሕ**

## ጸቕጢ ደም ኣብ እንዕቀነሉ እዋን - እንኽተሎ ኣገባብ

ቅድሚ ሚዛን ጸቕጢ ደም ምውሳድካ ንኣስታት ሓሙሽተ ደቓይቕ ኣዕሪፍካ ክትጸንሕ ይግባእ። እዚ ኣካላትካ ኣብ ተዛዘ ክጸንሕ ይሕግዞ።

### ብኣገባብ ምቕማጥ

ጸቕጢ ደም ኣብ እትልከዓሉ እዋን ብኣገባብ ክትቕመጥ ይግባእ። ኣእጋርካ ምሉእ ብምሉእ ናብ መሬት ክረግጽ ኣለዎ። ሕቖኻ ድማ ምሉእ ብምሉእ ንድሕሪት ክተጸግዕ ይግባእ።

### ንኢድካ ደግፍ

ጸቕጢ ደምካ ኣብ እትልከዓሉ እዋን፡ ኢድካ ናብ ላዕሊ ኣዝዩ ሓፍ ምስ ዝብል ወይ ናብ ታሕቲ ኣዝዩ ምስ ዝወርድ፡ ልብኻ ደም ንምጭንጓዕ ኣዝያ ብጽዕቂ ክትሰርሕ ክትግደድ እያ። እዚ፡ ኑቲ ጸቕጢ ደም ከዕብዮ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ህሞት ኢእዳውካ ምስቲ ልቢ እትርከቦ ክፍሊ ኣካል ተመዓራርዩ ክቐውም ይግባእ። እዚ ማለት ኣእዳውካ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ጣውላ ብምንባር - ክትድግፎ ኣሎካ ማለት እዩ።

### ብህድኣት ምስትንፋስ

ኣብ ጃፓን ንቡርን ልዑል ጸቕጢ ደምን ኣብ ዘለዎም ልዕሊ 21 ሽሕ መንእሰያት ንንኡብ ጸቕጢ ደም ዝምልከት መጽናዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ። እቶም ናብ ሓኪም ኣብ ዝቐርብሉ እዋን ንኣስታት 30 ካልኢታት ህዱእ ናይ ምስትንፋስ ልምምዳት ዘካየዱ ሰባት፡ ካብቶም ዘየካየዱ ሰባት ብሰለስተ ነጥቢ ዝጎደለ ናይ ሳይስቶሊክ ንኡብ ከመዝግቡ ክኢሎም። ስለ'ዚ፡ ጸቕጢ ደምና ኣብ እንዕቀኑሉ እዋን፡ ክንዛረብን ኣተኣፋፍሳና ቅልጡፍ ክኸውንን ኣይግባእን። ኣብ ተዛዘ ክንህሉ ኣሎና።

ኣብ እንዕቀኑሉ እዋን - ብዙሕ ምዝራብ'ውን ተመራጺ ኣይኮነን።

### ካብ ልዑል ጸቕጢ ደም ብኸመይ ንከላኸል?

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣስታት 1 ካብ 3 ኣዋቒሕ ኣመሪካውያን ጸቕጢ ደም ክህልዎም እንከሎ፡ መብዝሕትኦም ከየለለይዎ ብዙሕ እዋን ዝጸንሑ። ጸቕጢ ደም ቀልጢፍና ከነለልዮ እንኽእል ጎሊሑ ዝርአ ምልክት የብሉን። ቀስ ብቐስ ከኣ ናብ ዝበኣሰ ጥዕናዊ ጸገም ከሲጋግሩ ናብ ዝኽእሉ ሕማማት ልብን ወቕዕን ከስዕብልና ይኽእል እዩ። እቲ ጸቡቕ ነገር፡ ጸቕጢ ደም ምስ ዘይህልወና ክንከላኸሎ፡ ምስ ዝህልወና ድማ - ክንቆጻጸሮ ንኽእል ምኻኑ እዩ።

#### ንልዑል ጸቕጢ ደም ተኣፈፍቲ መን እዮም?

* ዕድመ፦ ጸቕጢ ደም ምስ ዕድመ እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ።


* **ዓሌት፦** ልዑል ጸቕጢ ደም ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ብዝለዓለ ደርጃ።

* ክብደት፦ ክብደትን ልዕሊ ንቡር ክብደትን ዘለዎም ሰባት፡ ልዑል ጸቕጢ ደም ከጋጥሞም ዝኽእለሉ ዝለዓለ እዩ።

* **ጾታ፦** ቅድሚ 55 ዓመት ዕድመ ደቂ-ተባዕትዮ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ልዑል ጸቕጢ ደም ናይ ምምዕባል ተኽእሎ ኣለዎም፣ ድሕሪ 55 ዓመት ዕድመ ደቂ-ኣንስትዮ ዝያዳ ደቂ-ተባዕትዮ ብልዑል ጸቕጢ ደም ይጥቅዑ።

* ኩነታት ኣነባብራ፦ ኣብ ገለ ኩነት፡ ኣነባብራና ልዑል ጸቕጢ ደም ከማዕብል ጠንቂ ይኸውን እዩ። ልዕሊ ዓቐን ጨው ምውሳድ፡ እኹል ፖታሽየም ዘይምውሳድ፡ ኣካላዊ ምውስዋስ ዘይምኪያድ፡ ናይ መስተ ግዙእ ምኻን ከምኡ'ውን ሽጋራ ምትካኽ ገለ ካብ ጠንቅታት ልዑል ጸቕጢ ደም እዮም።

* **ተወርሶ፦** ልዑል ጸቕጢ ደም ካብ ዘለዎም ስድራ ዝውለድ ህጻን ኣብ ዳሕረዋይ በጽሒ ዕድሚኡ ነቲ ሕማም ክማዕብል ተኽእሎታት ኣሎ።




#### ጸቕጢ ደም ብኸመይ ንከላኸሎ?

ጥዕና ዘለዎ ኩነታት ኣነባብራ ብምኽታል፡ ልዑል ጸቕጢ ደም ክንከላኸሎ ይከኣል እዩ።

= **ጥዕና ዝሀቡ መግብታት ምምጋብ፦ ጸቕጢ ደምና ንምቁጽጻር፡** ስብሒን ካልኦት ቀብኣትን ብዙሕ ካብ ምውሳድ፡ ኣመጋግባና ኣብ ኣሕምልትን ፍረታትን ዝዘለወ ክኸውን ይምረጽ። እንወስዶ ዓቐን ጨው (ሶድዩም) ክጎድል፣ እንወስዶ ዓቐን ፖታሽየም ድማ ክንውስኽ ይግባእ።

= **ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኪያድ፦** ምውስዋስ ኣካላት ንቡር ክብደት ሰብነት ክህልወና ይሕግዝ፤ ጸቕጢ ደም ድማ የጉድል። ኣብ ሰሙን ብውሑዱ ካብ 2 ሰዓትን ፈረቓን ንላዕሊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኪያድ የድሊ። መዓልታዊ ብእግሪ ምጉዓዝ እቲ ዝበለጸ ምውስዋስ ኣካላት ምኻኑ'ውን ኣይትዘንግዑ።

= ክብደት ሰብነት ምቁጽጻር፦ ክብደት ኣካላትና ምቁጽጻር፡ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ መቆጻጸሪ ጸቕጢ ደም እዩ። ስለ'ዚ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምኪያድን ኣመጋግባና ብምቁጽጻርን ክብደት ሰብነትና ክንሕሉ ይግባእ።

= ኣልኮላዊ መስተ ምጉዳልን ሽጋራ ምትካኽ ምቁራጽን፦ ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን ጠንቂ ጸቕጢ ደም እዮም።

= **ጸቕጢ ምቁጽጻር፦** ኣእምሮኻን ኣካላትካን ከምዝዙ ግበር። ጸቕጢ ንምቁጽጻር ዘኽእሉ ኣገባባት - ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኪያድ፡ መዚቃ ምስማዕ፡ ጽምዋ ናብ ዘለዎ ከባቢ ኬድካ ምዝናይ፡ ሕክምናዊ ፍወሳ ምውሳድ ወዘተ እዮም።

ልዑል ጸቕጢ ደም ምስ ዝህልወካ ድማ፡ ከይበኣሰ ምቁጽጻርን ካብ ዘጨንቑ ነገራት ምርሓቕን የድሊ።

**ምንጪ፦ medlineplus**

## ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ጸላም ከብዲ ንምክልኻል እዋኑ'ዩ!

ጸላም ከብዱ፡ መዓልታዊ ኣስታት 500 ንጡፍ ስርሓት እተካይድ ዓባይ ኢንዱስትሪ ተባሂላ እትጥቀስ ኣካል ደቂ-ሰብ እያ። ከም ኩሉ ኣካላት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመን ግዜን፡ ብዝተፈላለየ ጠንቅታት ብዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ክትጥቃዕ ትኽእል እያ። እዚ፡ ቅጸበታውን ነዊሕን ነድሪ ጸላም ከብዲ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ነድሪ ጸላም ከብዲ ብዓለም ደረጃ ካብቶም ኣሰከፍቲ እናኾኑ ዝመጽኡ ዘለዉ ሕማማት ሓደ እዩ። ዓመታዊ ብሚልዮናት ዝቐጽሩ በዚ ሕማም ክልከፉ እንከለዉ፡ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ድማ ህይወቶም ከም ዝስእኑ ጽብጻብ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና የመልክት። ህዝቢ ኣብ ምክልኻል እዚ ሕማም ንቕሓቱ ንምብራኽ፡ ከም መዘኻኸሪ ዓመት መጺኡ ዓመታዊ መዓልቲ ነድሪ ጸላም ከብዲ ይብዓል እዩ። ሎሚ ዓመት፡ 28 ሓምለ "ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ጸላም ከብዲ ንምክልኻል እዋኑ'ዩ" ብዝብል ቴማ ተዘኪሩ ይውዕል ኣሎ።

ነድሪ ጸላም ከብዱ፡ ብዙሓ ተጠቀምቲ ኣልኮላዊ መስተ፡ መድሃኒታትን ገለ መርዛም ቀመማትን ኪጋጥም ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ዝበዝሐ ግዜ እቲ ሕማም ብመልክፍቲ ዝተፈላለዩ ቫይረስ ዝስዕብ ሕማም'ዩ። ንሳቶም ድማ 'ኤይ'፡ 'ቢ'፡ 'ሲ'፡ 'ዲ' ከምኡ'ውን 'ኢ' ተባሂሎም ኣብ ሓሙሽተ ይኽፈሉ፡ ፡ ካብዚኦም፡ እቶም 'ቢ'ን 'ሲ'ን ተባሂሎም ዝፍለጹ፡ ጠንቂ ናይቶም 95 ሚእታዊት ምስ ጸላም ከብዲ ዝተኣሳሰሩ ሕማማት እዮም።

ሕማም ነድሪ ጸላም ከብዱ፡ ከም ዓይነቱ ኣገባብ መተሓላለፊኡ'ውን ይፈላለ እዩ። 'ኤይ'ን 'ኢ'ን ዝጠዓሰ እዋን ብዝተበከለ መግብን ማይን ክመሓላለፉ እንከለዉ ፡ 'ቢ'፡ 'ሲ'ን 'ዲ'ን ግና ብጾታዊ ርክብ፡ ካብ ኣደ ናብ ዕሸል ኣብ ግዜ ሕርሲ፡ ብዝተበከለ ደምን ፈሳሲን በላሕቲ ነገራት፡ ከምኡ'ውን ምጥቃም ናይ ሓባር መሕጸቢ ስኒን ወዘተ ካብን ናብን ክመሓለልፍ ይኽእል። ነድሪ ጸላም ከብዲ 'ቢ'፡ 'ሲ'ን 'ዲ'ን ካብቶም ቀተልቲ ተባሂሎም ዝጥቀሱ ኮይናም፡ ምሉእ ብምሉእ ምቑራጽ ስራሕ ጸላም ከብዲን መንሽሮ ጸላም ከብዲን ከስዕቡ ይኽእሉ።

ኣብ ኤርትራ እቲ ብቫይረስ 'ቢ' ዝስዕብ መጠን መልከፍቲ ናይ'ዚ ሕማም ክሳብ 3 ሚእታዊት ይበጽሕ። ኣብ ጉዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ዘዘውትሩ ሕብረተሰባት ግን፡ መጠን መልከፍቲ ናይዚ ሕማም ኣብ ኣሰካፊ ደረጃ ከም ዘሎ መጽናዕትታት ሚኒስትሪ ጥዕና ይሕብሩ። እዚ ድማ፡ ሳዕቤኑ ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ ንምቁጽጻሩ ልዑል ጻዕሪ ዝሓትት ብምኻኑ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ንምክልኻሉን ንምምካቱን ንዕኡ ዝምልከት መደባት ኣተኪሩ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ።

ሓደ ካብቶም ካብ ደሮ ተኣታትዩ ዝሰርሓሉ ዘሎ ናይቲ መደብ፡ ህጻናት ብስሩዕ ክታቦት ኣንጻር 'ቢ' ቫይረስ ከም ዝኽተቡ ይግበር ኣሎ። ኣብ ቀረባ እዋን ድማ፡ ኩለን ነብሰ ጾራት ኣብ ምክትታል ቅድመ ሕርሲ፡ መርመራ ናይ'ዚ ሕማም ክገብራን ውጽኢቱ ተራእዩ ንዝበሰላን ስድራቤተን ምሉእ ሕክምናዊ ምክትታል ክግበረሎም ዘኽእል መስርሕ ጀሚሩ ኣሎ።

ብመልከፍቲ ቫይረስ 'ቢ'ን 'ሲ'ን ዝመጽእ ነድሪ ጸላም ከብዱ፡ ካብ ምፍዋሱ ብቐንዱ ኣብ ምክልኻሉ ዝያዳ ኣድማዕነት ኣለዎ። ስለ'ዚ ነድሪ ጸላም ከብዲ ንምክልኻል፡ ሓደ ካብቶም መተሓላለፍቲ ናይዚ ሕማም ፍኑው ጾታዊ ርክብ ስለዝኾነ፡ ኩነታት መጻምድና ምፍላጥ፡ ሓደ ምስ ሓንቲ ምጽናዕ (እንተዘይተኻኢሉ ድማ ኮንዶም ምጥቃም) ዝበለጸ ኣማራጺታት እዮም።

ብተወሳኺ፡ ካብቶም ጎዳእቲ ልምድታት ዝበሃሉ ከም ማሕተም፡ ምጽራብ ኣስናን፡ ምኽንኻብ፡ ዓንቀር ምኽላእ፡ ምውቃጥን ብደም ዝተበከሉ በላሕቲ ነገራት ምጥቃምን፡ ፈጺምም ንከውገዱ ኩሉና በብኸፍልና ዓቲብና ክንጽዕር እዋኑ ምኻኑ ሚኒስትሪ ጥዕና ብኣጋጣሚ መዓልቲ ነድሪ ጸላም ከብዲ የዘኻኽር።

**ሚኒስትሪ ጥዕና**

**ዓለማዊ መዓልቲ ነድሪ ጸላም ከብዲ**

**2024**

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቑ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቑ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቑ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቑ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቑ.ስ 125013 - ቑ.ሳጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ዕላል ምስ ገዲም ተጋዳላይ ሳልሕ (ብርዚ)

4ይ ክፋል

**-እቲ ኣብ ገርሚ ዝተዋህበኩምዎ መምርሒ እንታይ ዝብል'ዩ ነይሩ?**

ናብ ቤት-ማእሰርቲ ሰምበል ቅድሚ ጉዕዞ ምጅማርና፡ ብኻርታ ዝተሰኣ ሓበሬታ ተዋሂቡና። ካርታን ጽሑፍን ኣብ ሰሌዳ ስኢሎምን ጽሒፎምን ኣዳልዮም ነቲ ሰሌዳ ገምጢሎም ኣጸጊዖሞ እዮም ጸኒሖምና። ኩላትና ድሕሪ ምእካብና፡ ነታ ሰሌዳ ከም እትቐንዕ ገይሮም እቶም ሓለፍቲ መግለጺ ጀመሩ።

ኣብቲ ሰሌዳ "ቤት-ማእሰርቲ ሰምበል" ዝብል ኣርእስቲ ነይሩዎ። ነቲ ሽላታት ህንጻ ከፋፊሎም ብምስኣል ክበንደይ ሰብ ከም ዝምደቡዎ ብኻርታ ኣርእዩና። እቲ



ስውእ በርህ ተኽለ (በርህ ጻዕዳ)

ነቲ ስርሒት ዘወሃህድ ዝነበረ ሓላፊ፡ ኣብ መንነ ብራደዮ ርክብ ጻወዲት ደብዚሎ ነይሩ፣ ኣብ መንነ ኣኼባ እናወጽአ ይራኸብ ነይሩ፣ ገለ ካብቲ ሽዑ ዝመጽአ ሓዱሽ ሓበሬታ፡ ገለ ካብቲ ክንሓልፈሉ ዝተሓሰበ መንገዲ ብጾላኢ ከም ዝተዓጽወ፡ ሓዱሽ ምንቅስቓስ ጸላኢ ከም ዝተራእየ ዝሕብር ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ስርሒት ይጸናሕዶ ይተግበር ኣብ ዝብል ሕቶ የካትዖም ነይሩ፡፡ ግን፡ ክውዝፍ ኣይተደልየን፣ ምኽንያቱ ጸላኢ ነቶም ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ሰምበል ዝነበሩ ምሩኻት ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባርን ጀብሃን ንጽባሒቱ ሰዓት 8፡00 ንግሆ ክርሽኖም ወዲኡ ምንባሩ ጽኑዕ ሓበሬታ ተረኺቡ ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ስርሒት ግድን ሽዑ ምሸት ክትግበር ነይሩዎ። ብኡ መሰረት፡ እቶም ናይ ሰምበል ዓብይቲ መብራህቲ ባውዛታት'ውን ሃንደሳ ኣብ ማይ-ሐጻ ከበቢ ኮይዶም ከጥፍኡዎ (ክበትኩዎ) ዕማም ተዋሂቡዎም ነበረ። ኣሃን ክልተ ኻልኣት ብጾትን ምስ ጉጅለ ዳሊ ምፍጓፍና ተኻፈልና ፈለጥና። ስርሒትና ኸኣ ናብ ሽላታት ቀጽሪ ሓደ ምፍጓ ፈለጥና። ኣብኡ ዝኾነ ይኾን ተኸሰ ከም ዘይንጉብር ተሓበርና። ሻምብቆ ብረትና ኸሉ ሰንኩ (ሳንጃ) ሰኣዕናሉ።

**- ካብ ወሽጢ'ቲ ቤት-ማእሰርቲ ተሓብርቲ ነይሮም እንተኾይኖም?**

እወ! ተሓባባሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ስርሒት ወሳኒ ሱብኣይ'ምበር ነይሩ። ንሱ፡ ሻምበል ጣሻ ሱሌማን ዝበሃል ሓላፊ ናይታ ቤት-ማእሰርቲ እዩ። ኩሉ መፍትሕ ኣብ ኢዱ ዘሎ ዓይኒ ናይቲ ስርሒት እዩ። ሻምበል ጣሻ፡ ብመሰረት ቆጸራና ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ኣብኡ ክጸበየና ነይሩ። ግን ንሕና ኣብ ምእታው ደንጎና። ምኽንያቱ ጸላኢ ገለ ናይ ኣተሓሕዛ ለውጢ ስለ ዝገበረ ንሕና'ውን መንገዲ ክንቕይር ተገዲድና ኢና። ኻልኣይ መደናገዩ ምኽንያት፡ ክረምቲ ስለ ዝነበረ ጭቃ ከም ድሌትና ክንጉዓዝ ኣይከኣልናን። ክይድ ሓዲርና ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ኢና ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ሰምበል በጺሕና።

ሻምበል ጣሻ ሱሌማን ብምድንጓይና ኣዝዩ ተሻቒሉ ጸኒሑ። ዝተጠቐምናሉ መንገዲ፡ ንዕዳኣቤቶ ንጺጋም ጉዲፍና ንራ-ዳር'ውን ንጺጋምና ተጸጊዕና ማይብላ ሰጊርና ጫፍ ዓዲሰገዶ የማን ጎሲና ናብታ ቤት-ማእሰርቲ ኣምሪሕና። ብጾት ዝመጽኡ ተጋደልቲ'ውን ከም ዘለዉ ሓበሬታ ነይሩ። ንሳቶም፡ ምናልባት መፍትሕ እንተ ተሳኢኑ ኣስኮላ ክንጥቀም ኣስኮላታት ተማሊኦም ዝኣተዉ እዮም። ኣብ ጥቓ ቤት-ማእሰርቲ (ኣብታ ቀያሕ ብርኽ ዝበለት ሰሜናዊ ምብራቕ ቤት-ማእሰርቲ) ምስ በጻሕና፡ እቲ ባውዛ ክጠፍእ ትጽቢት ነይሩና፡ ግን ኣይጠፍኣን። ካልኣይ ነገር፡ እቶም ኣኽሎባት ተጨፊቖም እናንብሉ ብኣእጋርና ክሕዙና ደለዩ።

ድሓር ከም ዝፈለጥናዮ፡ እቲ ኣብ ሳዕሊ ዝነበረ ዋርድያ፡ ናይ ህዝባዊ ግንባር ተሓባባሪ ምስ ሻምበል ጣሻ ምርድዳእ ዝነበሮ'ኳ እንተ ነበረ፡ ግን ኣይተጠቐምናሉን። ኣብ መንገዲ ግዜ ኣጥፊእና ሓሊዋኡ ምስ ሓለፈ፡ ንሻምበል ጣሻ ቀይሩ ስለ ዝበሎ ሻምበል ጣሻ ቀይሩዎ ጸኒሑና። ስለ'ዚ ነቲ ቅያር ተሓባባሪ ዘይናትና ኣብ ሓለዋ ዝጸንሐ ወተሃደር ክንኣልዮ ስለ ዝነበረና፡ ምስ ሻምበል ጣሻ ተመኻኺርና።

**- ብኸመይ ክትኣልዩዎ?**

እንተ ብምቕታል እንተ ብምእሳር ኣብ ቊጽጽርና ክንእትዎ። ሻምበል ጣሻ፡ "ዚ ዋርድያ ክቕይረካ'የ ኢለ ከውርዶ እንድየ፡ ገለ ግበሩዎ" በለና'ሞ፡ ኣሃን ዳሊን ኣብታ ማዕጾ ተጸጊዕና ተጸበናዮ። ሻምበል ነቲ ዋርድያ ካብ ናይ ሓለዋ ቦታኡ ምስ ኣውረዶ፡ ዳሊ ተቐቢሉ ክሳዱ ደዚበጦ። ግን ኣይደንዘዘን፣ ምስ ዳሊ ተቓሊሶም ዳሊ ኣውደቖ። ከእዊ ምስ ሓሰበ ኣነ ባዕለይ በቲ ኣዳልየዮ ዝጸናሕኩ ጥቕላል ጨርቂ ኣብ ኣፉ ሰጎድኩሉ። ዚ ቀፊድና ምስ ወዳእና፡ ብድሕሪኡ ናብታ ንጉጅለና ዝተዋህበትና ገዛ ኣቶና።

ኣብታ ገዛ ኣርባዕተ ወተሃደራት ነሮም። ቅያር ዋርድያ ተባዚሖም ደቂሶም ዝጸንሑ እዮም። ኣቐዲሙ ሻምበል ጣሻ ሱሌማን ነቲ ኽፍሊ ብውሽጢ ከይዓጽወዎ ሓቢሩ ባዕሉ ብጉዓም ጥራይ ዓጽዩዎ ስለ ዝጸንሐ፡ ንሕና ስሒብ ኣቢልና ብምኽፋት ኣርባዕተና ኣቶና። ደቂሶም ስለ ዝጸንሑ፡ ንኣጻዋር ብረቶም ስሒብ-ስሒብ ኣቢልና ብምውሳድ ናብ ጉዓም ኣውጺእናዮ። ከምዚ ክንገብር ከለና ሓደ ካብ መንጎቶም ወተሃደራት እቲ ኣብ መውዓእታ ጸግዒ ዝነበረ ተበራበሩ ብድድ በለ። ንሕና ናብ ኣፍልቡ ሳንጃ ኣቕኒዕና ኣጠንቀቕናዮ። ድሕሪ'ዚ እቲ ወተሃደር ጫማኡ ክገብር ድንን በለ። ዚ ምንቅስቓስ ዝተዓዘበ ካብ ዘይናትና ጉጅለ ብጻይና ኸኣ ዘይተደልየ ስጉምቲ ወሰደ።

እቲ ብጻይ ጥይት ተኩሱ ነቲ ወተሃደር ይቕትሎ። ኩላትና ሓረቕናን ተቘጣዕናን። እዛ ተኸሰ ምስ ተሰምዐት፡ ሓደ ኻልእ ዋርድያ ብርኽ ኣብ ዝበለ ቦታ ብምስኳት ስለ ዝነበረ ተጻቢኡ ጀመረ። የማን ወዲ ኺፌጨ ነቲ ቤት-ማእሰርቲ ቀደም ዝፈልጦ ብጻይና፡ ንወሽጢ ምስ ኣተወ እቲ በቲ ማሽኮት ዝነበረ ዋርድያ ተኩሱ ስለ ዝዘረሞ ኣብኡ ወዲቑ ደሰሞ።

ኣብ ምውጻእ እሱራት፡ ብቐዳምነት ናብቶም ክርሸኑ ተወሲኑሎም ዝነበረ ተጋደልቲ ኣተኩሮ ገርና ሰሪሕና። ኩሉ ሽላታቶም ክንከፍቶም ምስ ጀመርና፡ ሓደ ዝፈልጦ ብጻይ ረኺበ። ኣብ ግዋ ዝተባህለት ቦታ ከበቢ ሱሓርቲ ዝተማረኸ እብራሂም እድሪስ፡ ምስ ሪኪ ዝበሉዎ ናይ ጀብሃ ተጋዳላይ መራሒ ሓይሊ ጸኒሑኒ። ኣብቲ ስርሒት ከኣ ጸቢቕ ተሓባበሩምና። ሾመንተ ሽላታት ገዛውቲ ከፊትና ኑዩም ኣብ ታሸዓይቲ ዝነበሩ እሱራት ከፊትናዮም ክወጽኡ ምስ ጀመሩ፡ እቲ ንወዲ ኺፌጨ ዝቐተለ ወተሃደር ተኩሱ ሓደ ሰብ ስለ ዝዘረመሎም ሰጊኡ-መጊኡ ኢሎም ክኸስሉ ጀመሩ። ንሕና ኸኣ፡ ሰዓት ስለ ዝኣኸለ እንተወጻእኩም ጸቢቕ ኣይወጻእኩምን ከኣ ናትኩም ጉዳይ'ዩ ኢልናዮም። ምኽንያቱ ንሶም ናይ ፖለቲካ እሱራት ኣይነበሩን፣ ዓሞለ፡ ገሉ-ማለ እዮም። ምስ ከፈትናሎም ከኣ ዝጠዘሉ ወጺኦም።

**- ብልክዕ ክንደይ ዝኣኸሉ እሱራት ኣውጻእኩም?**

ካብ 800 ይበዝሑ እዮም። ዚኣቶም ሒዝናዮም ክንወጽእ ምስ ጀመርና እዝክረኒ ሓደ ሰብኣይ፡ "ክምለሰ'የ ኣቕሓ ረሲዐ!" ይብለኒ። "እንታይ ኣቕሓኡ?" እንተበልክዎስ "ዋጣ ረሲዐ!" ኣይብለኒ። ወደለይ'ዛ ሰብኣይ ፍቕሪ ናይታ ሽላ ግዲ ሐዚዎ'ዩ? ዶስ ንግዳ ምውጻእ ኣይደለየን ኲይኑ? እናበልና፡ "ኪድ በል" ኢልናዮ። ግን ሓቂ'ዩ፡ ፍቕሪ ሽላ ዘይኮነስ ፍቕሪ ናይታ መኣረሒት መዚቃ'ዩ ነይሩዎ። ብጉያ ከይዱ ዋጣኡ ተማሊኡ መጺኡ። ኣብ መንገዲ ኸኣ፡ (ካብ ጸላኢ ዝቆጻጸሮ ወጺእ ምስ በልና፡) "ወያ ሕልመይ ተጋሂዱ!" ... እናበለ በታ ጭራ ዋጣ ተሰንዩ እናደረፈ ምሳና ክጓዓዝ ጀሚሩ።

ኣብ መንጎቶም እሱራት፡ ሽዱሽተ-ሸውዓተ ዝኾኑ ፖለቲካዊ እሱራት ኢትዮጵያዊ ውድብ ኢፒኣርፒ ጸኒሖምና። እዚኦቶም እግሮምን ኢዶምን ብሰንሰለት ተኣሲሮም ስለ ዝጸንሑና፡ እሞ እቲ ሰብኣይ ድማ ናታቶም መፍትሕ ስለ ዝሰኣና፡ ዋላ ሓንጊርኩም ኣውጽኡዎም ስለ ዝተባህልና፡ ክሳብ'ቲ ዝደልወና ኸበቢ ንዘጽሕ በቶም ካልኦት ድልዱላት እሱራት ተሓንጊሮም ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝወጽኡ ገርና። ድሕሪኡ ኣብቲ ዘዕረፍናሉ ዓዲ ሰንሰለታት ገርና በቲኽናሎም።

**ብታ ዝኣተኹምላ መንገዲዶ ወጺእኹም? ኣበየናይ ዓዲኸ ኣዕሪፍኩም?**

ክንወጽእ ኸለና ዝተጠቐምናላ መንገዲ፡ ብሞንኒ ጻዕዳ ክርስትያንን ወኪ-ደባን ኣቢልና ኢና ተጓዒዝና። ጸላኢ ድማ እቲ ተኸሰ ካልእ ሓበሬታን ምስ ሰሚዑ ካብ መዓስከር 35ኛ ናባና ጌሩ ክንቀሳቐስ ጀሚሩ ነይሩ። ብወገን ወኪ-ደባን ጻዕዳክርስትያንን ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ድማ ባውዛ ወሊዑ'ሞ፡ እዛ ሰብ ንኸይትረኣ ኣብ ዘሎቶ ኮፍ ትብል። ግን ግዜ ይኸደና ስለ ዝነበረ፡ "ያላ ዋላ ይወሳዕ ሓደ ሰብ ኮፍ ከይብል፣ ጉዕዞኻ ቀጽል" ዝብል ትእዛዝ ተመሓላሊፉ ሰቕ ኢልካ ምኻድ ኲይኑ። ማዕረ-ማዕሪ'ዚ ካልኦት ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ተዳልየን ጸኒሐን ንመዓስከር 35ኛ ብኸቢድ ብረት ገይረን ሓመዳ ንላዕሊ ይጉብራኦ። ሽዑ እቲ ናባና ዝተበገሰ ሰራዊት ጸላኢ ኣንፈቱ ቀይሩ ናብ ካልእ ኣበሉ። ንሕና ኸኣ ብሰላም ጉዕዝና ብምቕጻል ሸንደብሉቕ ኣቲና።

ኣብ ሸንደብሉቕ ምስ በጻሕና፡ ኣብ ክንዲ ናብ ገዛውቲ ንኣቱ ኣብ ኣግራብ ናይቲ ማእከል ዓዲ ከም እነዕርፍ'ዮም ገይሮምና። ኣብኡ፡ በዓል ስቡሓት ኤፍሬም መጺኦም ነቶም እሱራት ናብ ሰለስተ ከም ዝከፋፈሉ ገይሮምዎም። "ምስ ህዝባዊ ግንባር ክትሰለፍ ትደሊ በዚኣ ተፈለ፣ ምስ ተጋደልቲ ሓርነት ይሕሸኒ ትብል በዚኣ፣ ንገዛይ ክምለስ'የ ትብል እንተሊኻ ድማ ከምኡ በይንኻ ተፈለ" በሉዎም። በዚ ምርጫ'ዚ መሰረት እቶም እሱራት ተመቓቒሎም።

እቶም ናብ ተሓኤ ክኸዱ ዝወሰኑ ሓደት ኲይኖም፡ ንሳቶም ድማ ኣብ ተሓኤ ብደረጃ ሓለፍቲ ዝነበሩ እዮም። እንተዘይከውኑ፡ ዋላ ተጋደልቲ ተጋደልቲ ሓርነት ኲይኖም፡ ብፍላይ እቶም ንኣሽቱ መንእሰያት ምስ ህዝባዊ ግንባር ክጽንበሩ እዮም ወሲኖም። ንዓድና ዝበሉ'ውን ነይሮም። ሻምበል ጣሻ ሱሌማን ግን፡ እቲ ስርሒት ክንደፍ ከሎ ጀሚሩ ብዓንተብኡ ካብ ኣስመራ ክወጽእ ወዲኡ እዩ ጸኒሑ። ካብ ሸንደብሉቕ ናብ መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ዘለዉዎ ቦታ ሰሜናዊ ባሕሪ ምስ ተሳገረ፡ ናበይ ክኸይድ ከም ዝደሊ ኣምሪጽዎም። "ንወጻኢ ክኸይድ'የ" ኢሉ ስለ ዝመረጸ ብመንገዲ ሱዳን ኣሰጊሮም ናብ ድሌቱ ከም ዝኸይድ ኣፋንዮሞ።

ኣብ 1990 ንምርኢት ባህሊ ናብ ኒውዮርክ - ኣመሪካ ምስ ከድኩ፡ ንሻምበል ጣሻ ሱሌማን ኣብኡ ረኺበዮ ነይረ። ንዓና ንምቕባል ምስኦም ወኪል ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ክተሓብበር ምስ ረኣኹዎ፡ 'ካበይ ከምጽኦ'የ እዚ ሰብኣይ?' ኢለ ቀኑብ ሓሰብኩ። ነቲ ወኪል ህዝባዊ ግንባር ምስ ሓተትኩዎ፡ "ሻምበል ጣሻ ሱሌማን ይበሃል" ኢሉ ምስ ሓበረኒ፡ ኣብ ጦብላሕታ ኣትዩ። ከይደ ኸኣ ተሳልየዮ። ንሻምበል ጣሻ ሱሌማን ስርሒት ሰምበል ምስ ዘርከብሉ ብዙሕ ኣዕሊልና። ድሕሪኡ ናብ ገዘኡ ዓዲሙ ጋቢዙኒ።

**-ኣብ ናይ ዓውደውግእ ተሳትፎኻ ዘይዕወትሉ ወይ ክሳራ እትብሎ ኣጋጢሙካ ኢዩ?**

ኣብ ዓመጺ ዝተኻየደት ውግእ ሓሙሽ ግናይ ነይራ! ሽዑ በዓል ዑቕባጋብር ዝነበሩዋ ጉጅለ ባህሊ ኣብ ሰለሙና ተጠርኒፎም ናብ ሶሜን ከበሳ ብምድያብ፡ ንሰራዊትን ህዝብን ምርኢት የቕርቡ




ስውእ ሓምድ ዑመር ዳሊ

ነይሮም። ተበርሀ እውን ምስኦም ተጸንቢራ ነይራ። እታ ጉጅለ ባህሊ ምርኢት ክተቕርብ ናብ ዛግር ምስ ደየበት፡ ቦጦሎኒ-2 ናይ በዓል ውጩ ኸኣ፡ ኣብቲ ምርኢት ክትሳተፍ ካብ ግንባር በለዛ ናብ ዛግር ኣትያ። ሕጂ ስሙ ረሲዐዮ ኣለኹ - ሓደ ካባና ናብ ጸላኢ ዝኸደዐ ንእሽቶ ተጋዳላይ ነቲ ዝነበረ ለውጢ ናይ ሰራዊትና ንጸላኢ ሓቢሩ። ጸላኢ ኸኣ ሰራዊትና ካብ በለዛ ናብ ካልእ ከም ዝተንቀሳቐሰ ኣረጋጊጹ ታንክታት ኣምሪሑ፣ ሃንደበት ናብ ሓይሊና ናይ ቦጦሎኒ 3 ግንባር ዓመጺ ወፊሩ።

ንታንክታት ጸላኢ ኣብተን ኮዋኛት ንቐሩብ ዓገትና መኪትናየን ነይርና። ናይ ተጋደልቲ ሓርነት'ውን ክሕግዙና ረዳት መጺኦም ነይሮም። ድሓር ግን መጥቃዕቲ ታንክታት ክንዋጋኦ ስለ ዘይተኻእለ፡ ብዱጋ ዳዕሮ (ናይ ሕጂ ተኮር) ኣቢልና ናብ ዓዲ ሰጊርና። ኣብቲ ሓጺር ግጥም ትሸዓተ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታትን ክልተ ናይ ተጋደልቲ ሓርነትን ተሰዊኦምና።

እዝክረኒ ሽዑ ሓደ ማንጃስ ብጻይና ኣትኪሉ እናተዋግአ፡ ታንክታት መጺኣን ክረግጻኦ። ዓሊ እብራሂምን ሃይለ ቻይናን ነቲ ማንጃስ ንዓ ውጻእ እናበሉ ምልክት እንተገበሩሉ፡ ክርደኦም ኣይከኣለን ኣርኪበናኦ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዓሊ፡ ቻይና፡ ጎይትኦም ዝተባህለን ኣብታ ሓይሊ ኮምሽነራት ጋንታ ነይሮም። ጸላኢ ናብ መጠቢሱ ምስ ተመልሰ፡ ስውኣትና ክንቕብር ናብቲ ድፋዕ መጺእና፡ ኮማንደስ ኣብ ልዕሊ ሬሳታት ስውኣት ብጾትና ጽሑፍ ገዲፉልና ከይዱ። እቲ ጽሑፍ፡ "ኣቱም ሃደምቲ፡ ሬሳታት ብጾትኩም ገዲፍኩም ትሃድሙ!" ዝብል'ዩ ነይሩ።



ተጋዳላይ ሳልሕ ዓሊ

**ይቕጽል**

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ብነፋሪት ኣብ እንበርረሉ ግዜ. . .

ብነፋሪት ኣብ እንበረሉ ግዜ ነገራት ደው ዝበሉ ዝመስሉና ስለምንታይ'ዩ? ሓደ ነገር ክንቀሳቐስ እንከሎ እናተወዕለ ነገር እንተ ሃልዩ እቲ ኩርናዕ ርእየት'ዩ ዝለዋወጥ። ኣብ ቀረባኻ ዘለዉ ነገራት፡ ክሳድካ ጠዊኻ ክትርእዮም መታን ብፍጥነት ምንቅስቓስ ኣየድልየምን'ዩ።

ፍጥነት ምንቅስቓስም ብቐሊሉ ክትግምቶ ስለ እትኽእል። ፊት ንፊትካ ናብኻ ገጹ ዝቐርብ ዘሎ ወይ ካባኻ ዝርሕቕ ዘሎ ተንቀሳቓሲ ነገር ግን ኣብቲ ኩርናዕ ርእየት ብዙሕ ለውጢ ስለ ዘየምጽእ



ቀስ ዝብል ዘሎ ይመስለካ። ካባኻ ርሒቑ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ነገር ድማ እቲ ኣብ ኩርናዕ ርእየት ዝመጽእ ለውጢ ካብ ምንኣሱ ዝተላዕለ ስለ ዘይረኣየካ፡ እቲ ነገር ዳርጋ ደው ኢሉ ዘሎ'ዩ ዝመስለካ። ንኣብነት ወርሒ እንተ ወሲድና ኣብ ሰዓት ኣሽሓት ኪሎ ሜተራት እናተሓንበበት ክንሳ ትንቀሳቐስ ዘላ'ኳ ኣይትመስለናን። ካብና ኣዝዩ ርሒቓ ስለ ዘላ፡ እቲ ኩርናዕ ርእየት ምልዋጡ ክንምገንዝቦ ኣጸጋሚ'ዩ። ብተመሳሳሊ ኣጕዚብ ኣብ ልዑል ብራኸ ብነፋሪት እናተገዓዝካ ንታሕቲ ምስ እትጥምት ድማ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዝንቀሳቐስ ኣካል እትርእየሉ ኩርናዕ ብዙሕ ክልወጥ ኣይረኣን'ዩ። ስለዚ እቲ ነገር ደው ኢሉ ዘሎ ኰይኑ ይረኣየካ።

## ተራኺቦም ዝበሎም ፍቑራት


ስቲቭ ስሚዝን ካርመን ሩዶዝን፡ ፍቑራት እዮም። ን 16 ዓመታት ዝኣክል ተፈላሊዮም እኳ እንተ ነበሩ ፈጺሞም ግን ኣይተረሳሰዑን። ይኹን እምበር ካብ ዝፈላለዩ ኣትሒዞም እቲ ሓደ ናይቲ ካልኣዩ ደሃይ ዝረኽብሉ ኣጋጣሚ ስለ ዘይነበረ፡ ዳግማይ ተራኺቦም ፍቕሮም ይቕጽሉ ኢሎም ሓሲቦም ኣይፈልጡን'ዮም። ኮነ ድማ ቅድሚ 10 ዓመታት ስቲቭ ናብ ካርመን ዝጸሓፋ ናይ ፍቕሪ ደብዳበ ብዕሽግታ ብድሕሪ መጋርያ ወዲቓ ድሕሪ ምርካብ፡ ንካርመን መልሲ ክትጽሕፍ ስለ ዘደፍኣታ፡ ዝተቐብጸ ፍቕሮም ዳግማይ ተሓዲሱ ብቓል ኪዳን መዕሰቢ ክገብሩሉ በቒዖም። ስቲቭን ካርመንን ኣብ መፋርቕ 20ታት ዕድመኦም እንከለዉ፡ ካርመን ብምህደረ ትምህርቲ ካብ ከተማ ፓሪስ ፈረንሳ ናብ ከተማ ለንደን ዓዲ እንግሊዝ ምስ ወጸት'የም ኣብ ኮሌጅ ተላልዮም። ሌላኦም እናዓሞቐ ምስ ከደ ከኣ፡ ምውቕ ፍቕራዊ ዝምድና መስሪቶም ብሓባር ክነብሩ ጀመሩ። የግዳስ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ዝቐጸለ ፍቕሮም ብመርዓ መዕሰቢ ክገብሩሉ ተሰማሚዖም ከለዉ፡ ካርመን ትምህርታ ወዲኣ ናብ ፈረንሳ ምስ ተመልሰት፡ ዓዲ ዝኣተወ ፍቕሮም ተቛጺዩ ናይ ምትራፍ ሓደጋ ኣንጸላለዎ። ካርመን ናብ ፈረንሳ ምስ ተመልሰት ድሕሪ ሓደት ዓመታት፡ ስቲቭ ፍቕራዊ ህይወቶም ዳግማይ ዘበራብሩሉ ዕድል ዝኸፍት፡ ናይ መርዓ ሕቶ ዝሓዘ ናይ ፍቕሪ ደብዳበ ናብ ኣፍቃሪቱ ጽሒፉ። ኣጋጣሚ ኰይኑ ንታ ደብዳበ ዝተቐበለታ ኣደ ካርመን፡ ጓላ ገዛ ምስ ኣተወት ክትህባ ብምሕሳብ ኣብ ጥቓ መጋርያ ናይ ሓዊ ኣቐመጠታ። ኣሚሲያኣ ጓላ ምስ ኣተወት ግን ኣይዘከረታን። እታ ደብዳበ ድማ ብኡ ኣቢላ ተረሲዓ ተረፈት። ገለ ካብ ጸራርያ ከለዋ እኳ ከይረኸብኦ ደሓን ኣይትእቶ ብድሕሪ መጋርያ ሸተት ኢላ ኣብ መጽብጦ ስለ ዝተቐርቀረት ንልዕሊ 10 ዓመታት ከይተረኽበት ጸንሓት። ድሕሪ 10 ዓመታት እቲ መጋርያ ክሕደስ ስለ ዝፈረሰ፡ እታ ደብዳበ ብስትርታ ኣብ ኢድ ካርመን በጽሐት። እታ ክሳብ ሽዑ ከይተመርዓወት ዝጸንሐት ካርመን ተቐላጢፋ ብምኽፋት... "ጸቡቕ ንኽትህልዊ ብዓል ምሉእ ተስፋ'የ፡ ... ክጽሕፈልኪ ዝደረኸኒ ምኽንያት ምምርዓውክን ዘይምምርዓውክን ንምርግጋጽ'የ። ዘይተመርዓኺ እንተ'ኾንኪ ክሳብ ለሚ ብዛዕባይ ትሓስቢ'ዶ?..." ዝብል መልእኽቲ ኣንበበት። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ "መልሰኺ ብሃንቀውታ እጸበ ኣለኹ ስቲቭ" ዝብል ቃል ነበረ። ካርመን ብወገና፡ ይትረፍ'ዶ ንስቲቭ ክትርስዖ፡ ክሳብ'ታ ዕለት እቲኣ ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ'ኳ ካብ ሓሳባ ኣውጺኣቶ ኣይትፈልጥን'ያ ዝነበረት። እቲ ተቖጻጻሪ ናይ ሓደ ፋብሪካ ኰይኑ ዝሰርሕ ስቲቭ ከኣ፡ "ተመርዕያ ትኸውን'ያ ኢለ ስለ ዝደምደምኩ ደጊም ክጽሕፈላ ኣይደፈርኩን። ድሕሪ 10 ዓመታት መልሲ ክመጸኒ'ዩ ኢለ'ውን ኣይተጸበኹን" ይብል ነቲ ኣጋጣሚ ኣመልኪቱ። ካርመን ንታ ደብዳበ ምስ ኣንበበት፡ ነዊሕ ግዜ ስለ ዝሓለፉ ሕጂ ምድዋለይ ትርጉም የብሉን ኢላ ተስፋ ስለ ዝቖረጸት ኣዋዲቓቶ ነይራ'ያ። ደሓር ግን ዝሓሰበት ሓሳብ፡ "ዘይደወለሉኽ ብውሑዱ ስለምንታይ ክሳብ ሕጂ ደሃይ ከም ዘይገበርኩ እንተ ነገርኩዎ እንታይ ጸገም ኣለዎ?" ብምባል ስለ ዝደወለትሉ ነዊሕ ኣዕሊሎም ብኣካል ክራኸቡ ተቛጺሮም ተፈላለዩ። ሐደት መዓልትታት ድሕሪ ምድዋላ ኣብ ከተማ ፓሪስ ተራኺቦም ከኣ ድሕሪ ናይ 17 ዓመታት ናይ ደሃይ ዘይብሉ ምፍልላይ ተመርዕዮም ተሃን ፍቕሮም ከወጽኡ በቒዖም።

ስቲቭ፡ "ዳግማይ ምርኻብና ልክዕ ፊልም ንሰርሕ ከም ዘለና ኰይኑ'ዩ ተሰሚዑኒ። ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ብምዕዶ ምስ ተራኣኣና፡ ኣእዳውና ዘርጊሕና ኢና ክንሰዓዓም ዝኸድና። ን30 ካልኢት ኣዒንትና ተኸልና ድሕሪ ምጥምማት ከኣ ተሓናኒቕና ተሰዓዒምና። እንሆ ሕጂ ተመርዒና፡ ኣብ መወዳእታ እታ ደብዳበይ ሸቶኣ ብምውቃዕ ኣዝዩ ሕጉሰ'የ።" ብምባል ስምዒቱ ይገልጽ። ካርመን ድማ "መርዓና ዅብራቕ ናይ ሓደ ዘደስት ዛንታ ፍቕሪ'ዩ። ክሳብ ሕጂ ከይተመርዓኹ እየ ጸኒሐ። ሕጂ ግን ምስቲ ወትሩ ዘፍቀርኩዎ ሰብ ብምምርዓወይ ብሓጎስ ጭድድ ፍንጭሕ ክብል ደልየ ኣለኹ።" ክትብል ንጋዜጠኛ ደይሊ መይል ሪፖርተር ገሊጻትሉ።



## ካብ ትጽቢት ወጻኢ ዘጋጥም ሓጎስ


ምግራም ሓደ ካብቶም ሸውዓተ ኣደማሳዊ ስምዒታት ኰይኑ፡ ሃንደበታዊን ዘይተጸበናዮ ነገር ምስ ዘጋጥመና'ዩ ዝፍጠር። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ 'ሳርፕራይዝ' (surprise) እናተባህለ ዝግለጽ፡ ዚያዳ ንእወታዊ ወይ ንዘለገሰ ነገር የንጸብርቕ።



ኣብዚ ኣብነት ክትከውን እትኽእል ዛንታ ጂኒ'ቲ ኢያ። ጂኒ'ቲ ከምዚ ብምባል እያ ትገልጽ - "ምስ ኣቦይ ዝበረኺ ርክብ ጸቡቕ'ዩ። ብሓጺሩ 'ጓል ጥባ' ዓይነት'ዩ ኣተዓባብያይ። ዋላ ድሕሪ መርዓይ ምስ ኣቦይ ኣብቲ ኩሉ ግዜ እንራኸበሉ ምዝንጋዕ ብውሕዱ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ከይተራኸብና ኣይነሕልፍን ኢና። ቀጻሊ ከኣ፡ ከምቲ ልምድና ኣነን ብዓል ቤተይን ምስ ደቅና ምስ ኣቦይ ኣብቲ ምዝንጋዕ ቦታ ብሓደ ተኣኻኺብና ወጻዕ ብምባል ኢና ነሕልፍ። ዕላልና ግን ከም ወትሩ ዕሙር ኣይነበረን። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ ኣነን ብዓል ቤተይን ካብቲ ብሓደ እንሰርሓሉ ትካል ብሸኺ. ጥፍሽና ካብ ስራሕ ካብ ንሰነ ሓያሊ ግዜ ኣቑጺርና ስለ ዝነበርና፡ ናይ ጥሽኪ. ሕሳብናዉን ደጸንቀቕ ብምንባሩ ሓደ ኣርእስቲ ዕላል ከውዳእ እንከሎ፡ ዝን ንብል ስለ ዝነበርና'ዩ። ስለዚ ኣነን ብዓል ቤተይን ምስ ደቅና ክይፈተና ተጠወርቲ መንግስቲ ክንከውን ተገዲድና ኢና። እታ ምስ ኣቦይ ዝተራኸብናላ መዓልቲ ኣብ መንጎ ዕላልና ኣቦይ ካብ ጅባኡ ጸሰጣ ኣውጺኡ ንዓይ ኣረከበኒ። ተቐላጢፈ ከፊተ ድማ ከንብቦ ጀመርኩ። ኣብ ውሽጢ እታ ጸሰጣ ሓንቲ ደብዳበን ሓንቲ ናይ ባንኪ ሰደ'ንዮን ጸኒሓናኒ። ከንታቱ ከም ዝደንጸወኒ ዘስተብሃለ ኣቦይ፡ "ተሸጊርኩም ከም ዘለኹም እፈልጥ'የ፡ ባዕልኹም ዘምጻእኩሞ ጸገም ኣይኮነን። ኣነን ኣደኽን ብዛዕባዚ ዘለኹሞ ጸገኩር ግዜ ተላዚብና፡ እቲ ከወርሰኪ ዝመደብናዮ ገንዘብ ሕጂ ኣብ እዋን ጸገምኪ ኣቕዲምና ክንህበኪ ወሲ.ንና ኣለና። ንኹልኹም ኣፍቅረኩም ኢና። ክትሸገሩ ክንርእየኩም ኣይመረጽናን። ስለዚ እቲ ዓቕምና ሕጂ ክንንዝበር ተሰማሚዕና" ክብል ኣደሳደሰና። ኣቦይን ኣደይን ኣነ ካብ ዝውለድ ኣትሒዞም ኣብ ባንኪ ገንዘብ የጠራቕሙለይ (የዋህሉለይ) ከም ዝነበሩ ፈጺሙ ግምት ኣይነበረንን። እቲ ዘገርም እቲ ናይ ባንኪ ሰደ ልዕሊ 200,000 ሽሕ ዶላር ዝሓዘ ቸክ ኰይኑ ብስመይ ዝተፈረመ'ዩ ነይሩ።" እታ ሓጺር ደብዳበ ኸኣ፡ "ንታ ኣዝዩ ዝፈትዋ ንእሽቶይ ጓለይ ንፉስ ኣይከውቕዓን'የ" ዝብል ሓጺር ግን ከኣ ገላጺ መልእኽቲ ሓዚ ነይሩ።

## ጸቕጢ ደም

ንልዑል ጸቕጢ ደም ብልምዲ ብዙሕ ደም ኢልና ኢና ንጽውዖ። ብቐሊል ዝበለ መግለጺ ግን ልዑል ጸቕጢ ደም ማለት፡ እቲ ካብን ናብን ልቢ ብሰራውር ደም ኣቢሉ ዝዘውር ደም መተሓላለፊ ሰራውር ደም ምስ ዝጸቦ ዝፍጠር'ዩ። ብሓጺሩ እቲ ብዘይ ጸገም ናብ ምሉእ ኣካላትና ክጉዓዝ ዘለዎ ደም፡ ኣብ መንገዱ ምሽንኻል ምስ ዘጋጥሞን ኣብ ሰራውር ደምና ወጥሪ ምስ ተፈጥረን ኣካላትና ብልዑል ጸቕጢ ደም ይጥቃዕ። ኣብ ብዙሕ መወከሲታት ጥዕና፡ ጠንቂታት ጸቕጢ ደም ዝተፈላለዩ እዮም። ጸቕጢ ደም፡ ደም ዘመሓላልፉ ሰራውር ደም (ኣርተሪ) ብስብሐ. ክጸብብ እንከሎ ዝፍጠር ኰይኑ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ልቢ ንቡር ህርመታ ምስ ዝቕልጥፍ'ሞ፡ ሰራውር ደም ልዕሊ ዓቕሙ ዋሕዚ ደም ኪጋጥሞ እንከሎ ዝዝሕድ'ዩ። ሰራውር ደም ብሕማም ኮነ ብዕድመ ምድፋእ ንቡር ስራሑ ምስ ዘሰናኸል እውን ጸቕጢ ደምና ክልዓል ይኽእል። ንቡር ጸቕጢ ደም 120/80 እዩ። ካብዚ ምስ ዝወሰኸ ጸቕጢ ደም ልዒሉ ኣሎ ክብሃል ይከኣል። ብርቱዕ ሕማም ርእሲ፡ ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ድኻም ብፍላይ ኣብ ግዜ ምንቅስቓስ፡ ቃንዛ ኣፍልቢ. . . ወዘተ ናይ ድኻም ልቢ ምልክታት'የም። ስለዚ ከምዚኦቶም ዝኣመሰሉ ምልክታት እንተ ደኣ ኣስተውዒልና፡ ጉዳያት ልዑል ጸቕጢ ደም ክንከውን ስለ እንኽእል ብቕልጡፍ ናብ ትካላት ጥዕና ክንከይድ ይግባእ።



## ጥቕሲታት ሕብራዊት ብርዒ


- "ንዘኸሉ ሰብ ክትምህሮ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ንውሽጡ ብኸመይ ከም ዝረኽቦ ጥራይ ኢኻ ክትሕግዞ ትኽእል።" - **ጋሊሎ ጋሊሊ**
- "ክውንነት ኣብ ኣእምሮ ደቂ ሰብ እዩ ዘሎ። ኣብ ካልእ ቦታ ብፍጹም የለን።" - **ጆርጅ ኦርወል**
- "ፍቕሪ ማለት፡ ክትጻወሮ ዘይትኽእል ተባህጊ ንምፍኳን ዘይዕጋት ባህጊ ምሕዳር ማለት'ዩ።" - **ኦርፍሮስት**
- "ዕብየት ምድላይ ማለት ሰንፍና ኣብ ህይወትካ ቦታ የብሉን ማለት እዩ።" - **ፓት ኮንሮይ**
- "ተስፋ ማለት ኩሉ እቲ ጸልማት እናሃለወ እንከሎ ብርሃን ከም ዘሎ ክትርኢ ምኽኣል እዩ።" - **ደስሞንድ ቱቱ**
- "ኩሉ እትብሎ ሓቂ ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ ሓቂ ግን ትዛረቦ ማለት ኣይኮነን።" - **ቮልታየር**
- "እቲ ቅኑዕ ሰብ ንገዛእ ርእሱ'ዩ ምስ ከባቢኡ ዘመሳስል (ዘሳምድ)፡ እቲ ዘይቅኑዕ ሰብ ከኣ ንከባቢኡ'ዩ ምስ ገዛእ ርእሱ ከሳምድ ዝጽዕር።" - **ጆርጅ በርናርድ ሾው**

# ሓጺር ታሪኽ ሂወት ስዉእ ተጋዳላይ መኰነን ኪዳነ (ሻባይ)

## (ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ ዝተነበበ - 23/7/24)

ሰሎሞን ጸሃየ

ተጋዳላይ መኰነን ኪዳነ መላኺ፡ ካብ ኣቦኡ ተጋዳላይ ኪዳነ መላኺን ኣደኡ ወይዘሮ ሂወት ሃይለን ኣብ ደራብሹ፡ ደምባላስ፡ ንኡስ ዞባ መልቀ ብ31 ታሕሳስ 1964 ተወለደ፡፡ ኣቦኡ፡



ኣብ ህዝባዊ ግንባር ቅድሚ ምስላፉ ፖሊስ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ስድራ ቤት ናብ ኣስመራ ብምውጽኡ፡ መኰነን ክሳብ ሻድሻይ ክፍሊ ኣብ ኣስመራ ተማሂረን ዓብዩን።

ኣብ ካልኣይ ፍርቂ 1970ታት፡ ምስ ምውጻእ ኣቦኡ ንሜዳን ምስቲ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ጸንከር ኩነታት ጸጥታን እቲ ስድራ ንደራብሽ ተመልሰ፡፡ ኣብዚ፡



ብመጋቢት 1983 ኣብ ህዝባዊ ግንባር ክሳዕ ዝሰለፍ ዘሕለፎን ዘስተማቐሮን ሂወት ገጠር እዩ ኸኣ፡ ኣብ ጉስነትን ማሕረስን እናተሳተፈ. ኑቲ ደሓር ኣብ ስነ ጽሑፋውን መዚቃውን ስራሓቱ፡ መበገስን መወከስን ዝኾኖ ፍልጠት ያታዊ ባህሊ. ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ክጥሪ ዝኸኣለ፡፡ ኣብዚ. ግዜ'ዚ. እዩ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ገድላዊ ንጥፈታት መንእሰያት ደራብሽን ከባቢኡን ክራር ምህራምን ምድራፍን ዝተላመደ፡፡

መኰነን፡ በኾሪ ውላድ ብምንባሩ፡ ኑዲኡ ኸንዲ ኣቦኡ ኾይኑ ንሕዋቱ ምእንቲ ኸተዓብዩ፡ ሓዳር ጌሩ ዓዲ ንኽሕዝ፡ ቤተ ሰቡ፡ ገና ኣብ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመቱ ጉዕጽጽ ኣቢሎም በሊሕ፡ ንጡፍን ዕቱብን መንእሰይ ኮይኑ ምስ ረኸቦ እዩ ድማ፡ መራሒ. ሓይሊ. ኣጋር ከቢድ ብረት 04 ስውእ ሓርበኛ ሃይሉ ሃብተ፡ ነታ ኹብ ስሙ ዘይትፍለ "ሻባይ" ትብል ሳጓ ዘውጽኣሉ፡፡

ኣብ ኣጋ መውዳእታ 1984፡ ኣቃውማ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ መድረኽ ብርጌዳት ናብ መድረኽ ክፍላተ ሰራዊት ምስ ደየበ፡ መኰነን፡ ኣባል'ታ ብርጌድ 44ን ብርጌድ 23ን ተኸሊጥ ማለት ምጽንባር ጌረን ዘቖምኦ ክፍለ ሰራዊት 70፡ ብፍላይ ከኣ ብናይ ከቢድ ብረት ሞያኡ፡ ኣባል በጦሎኒ ኣጋር ከቢድ ብረት 46 ኮነ፡፡ ጸኒሐን፡ ክፍለ ሰራዊት 70ን ክፍለ ሰራዊት 101ን ኣብ ዝነበርኦ ተኸሊጥ ድማ፡ ኣመርዓውዎ፡፡ ምስቲ ዝነበሮ ሓያል ናይ ምግዳል ድልየት ግን፡ ቡቲ መርዓ ኪይተቐርነ ቁሩብ ጸንሒ ኢሉ ተሰለፈ፡፡ መርዓቱ ሸዊት ተስፋሚካኤል ምሕጹን'ውን ንሜዳ ሰዓቢቶ'ሞ፡ ተጋደልቲ ኮይኖም ሓዳሮም ቀጺሎም፡፡ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ከኣ፡ ሰለስተ ጓልን ክልተ ወድን ሓሙሽተ ውሉዳት ኣፍረዩ፡፡

መኰነን፡ መጋቢት 1983 ምስ ተሰለፈ፡ ኣብ መደበር ታዕሊም ኣራግ፡ ዘድሊ. ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ድሕሪ ምውሳድ ናብ ብርጌድ 44 ሓይሊ. ኣጋር ከቢድ ብረት 04 ተመደበ፡፡ መድፍዓጂ ማለት ተኳሲ. ሞርታር ኮይኑ ከበርከተ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ብቐዓቱ ተራእዩ ኣብ ርእሲ'ቲ መደብ ስራሕ'ቲ ናይ ሸዱሽተ ወርሒ. ናይ ሕክምና ስልጠና ተዋሂቡ፡ ኣጋር ሓኪም ኮነ፡፡ ምስቲ ድሮ ኹብ ዓዲ ክኢሉዎ ዝወጸ ምህራም ክራርን ደርፍን ከኣ፡ ኣባል ጉጅለ ባህሊ. ናይቲ ሓይልን ሓደ ኹብ'ቶም ቀንዲ ኣዘናጋዕቲ ናይቲ ኣሃዱን ክኸውን ከኣለ፡፡ ገና ከይገደመ፡ ምስናይ ፍሽኽትኡን ልዙብ ጠባዩን ኣብ ኩሉ ዝኣተዎ ዘድምዕ፡ ኣሚንካ ትልእኮ፡ ልኢኽኩዎ ኸኣ እዚ ተሪፉኒ ዘዮብል፡ ኣብ ክፍለ ሰራዊት 16፡ በጦሎኒ ኣጋር ከቢድ ብረት 301 ተመደበ፡፡

ተጋዳላይ መኰነን፡ ካብ ዝሰለፍ ክሳዕ ናጽነት ኣብ ዝነበረ ናይ ተዋጋኢ. ሰራዊት ተመኩሮኡ፡ ተኳሲ. ሞርታርን ሓኪምን ኮይኑ፡ ምድምሳስ "ውቃው እዝ" ጸላኢ. ብመጋቢት 1984 ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፣ ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቓልሲ. ኤርትራ ንመጀመርታ ግዜ ናይ ታንክ ብታንክ ግጥም ዝተኻየደሉ ውግእ ብሚያዝያ 1984 ኣብ ግራት (ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል)፣ መጥቃዕቲ ባረንቱ ብሓምለ 1985፣ ጸላኢ. ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣብ ዝተመልሰሉ "ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ" ብጥቅምቲ 1985፣ ምድምሳስ "እዚ. ናደው" ጸላኢ. ኣብ ግንባር ናቕፋ ብመጋቢት 1988 ዝርከቦ 17 ነዋሕትን ሕጽርን ዝበለን ውግኣት ብኹብ ዝበለ ፍናንን ተወፋይነትን ተሳቲፉ፡፡ ብ15 ጥቅምቲ 1985 ከኣ ኣብ "ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ" ኣብ ሸግለት መስበርቲ እግሪ ኣጋጢሙዎ፡፡

መኰነን ሻባይ፡ ኣብ ጉጅለ ባህሊ. በጦሎኒ ኣጋር ከቢድ ብረት 301 ብዝነበሮ ንጡፍ ኣበርክቶ ብ1988 ናብ ጉጅለ ባህሊ. ክፍለ ሰራዊት 16 (ጉጅለ ባህሊ. ሂላል) ተሳሒቡ፡፡ ሓንቲ ኹብ'ተን ኣብቲ ጉጅለ'ቲ ዘፍረየን ደርፍታት ከኣ፡ እታ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ግንባራት ጊንዳዕን ደቀምሓረን ዓሪዱ፡ ዛዛሚ መጥቃዕቲ ክፍት ተዳልዩ ኣብ ዝነበረሉ ናይ ድሮ ናጽነት መድረኽ፡

*"... ሓንቲ ህጅም'ያ ሰደለይ ሓንቲ ደፍኢት*
*ሓንቲ ቑሉ'ያ ተሪፉ ሓንቲ ጸፍዒት፡*
*ኣብይካ ኸሎ ሓወይ ኣብ ግምግም ጊዜል*
*ሓኒኽካ ኣጽድፎ ሃዋ ኢ.ደይ ኢ.ደካ በል! ..."*

ክብል፡ ባዕሉ ዜማን ግጥምን ደሪሱ ዝደረፋ፡ ኣለዓዓሊትን ህብብትን ስራሑ እያ፡፡

ካልእ፡ ከም ድምጻዊ ዝተፈልጠላ ደርፉ፡ እታ ድሕሪ ናጽነት ዘውጽኣ፡ ብፍላይ ኣብ ቅንያት መዓልቲ ስውኣት (20 ሰነ) ተደጋጊማ ትፍኖ፡

*"... ዘርከሉዎ ክቡር ሽሙ ኩላዕሎ ቅሰን ኣብታ መቓብርኩም'ታ ኽብሎ፡*
*ኣይዓብርን ክቡር ቃልካ ኣኽብረይ ኣብጺሐዮ'ለኹ ኣብ ምህራፉ ከም'ታ ሕድረይ፡፡ ..."*

ዝብል ግጥሚ ዝርከብ "ቅሰን" ዝርእሰታ ደርፉ እያ፡፡

ተጋዳላይ መኰነን፡ ድሕሪ ናጽነት ብቐጥታ ኣብ ሓምለ 1991 ኣብ ዝተገብረ ዳግመ ምውዳብ ባህላዊ ጉጅለታት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ሃገራዊ ወተሃደራዊ ባንድ ምርሻ ተመዲቡ፡ ናይ መዚቃ ስልጠና ክወስድ ስለ ዝኸኣለ፡ ኑቲ ብተመኩሮ ጥራይ ኣጥርዩዎ ዝጸንሐ ክእለት መዚቃ፡ ትምህርቲ ኣሰንዩ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ምድራስ ዜማን ምውህሃድ መዚቃን ኣበርኸ፡፡ ብድምር ከኣ፡ ቅድምን ድሕርን ናጽነት፡ ግጥሙን ዜምኡን ባዕሉ ዝደረሶ 70 ዝኾውን ደርፍታት ኣበርኪቱ፡፡

ንትምህርቲ ብዝምልከት፡ መኰነን፡ ኣካደሚያዊ ደረጃኡ ካብ ንምባል ብዝነበሮ ልዑል ባህግን ጽምኢ. ፍልጠትን፡ ካብቲ ኣብ ስብዓታት በጺሑዎ ዝነበረ ሻድሻይ ክፍሊ. ብምቕጻል፡ ኣብቲ ሃገራዊ ወተሃደራዊ ባንድ ምርሻ ሰፊሩሉ ዝነበረ ከተማ ደቀምሓረ ምሸታዊ ክሳብ 9ይ ክፍሊ. ተማሂረ፡፡ ብ1994 ካብቲ ዝጸንሖ ኣሃዱ ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ



ተቐይሩ ናብ ባጽዕ ስለ ዝወረደ ግን፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ንግዚዩኡ ኣቋረጸ፡፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኸኣ፡ ናይ መርከበኛነትን ዳህሳስ ገምገም ባሕርን (seamanship and coastal navigation) ስልጠና ተዋሂቡዎ፡ ኣብ ደረጃ ምኽትል ሓላፊ ምቁጽጻር ባሕሪ በጽሐ፡፡ ቡቲ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝወጽእ ዝነበረ ዓንቀጻቱ፡ ናይ ምጽሓፍ ክእለቱ ስለ ዝተለለየ ግን፡ ኣብ ምድላው መጽሄት "ሕድሪ" ንኽበርክት ብማስከረም 1995 ናብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህ.ግ.ደ.ፍ. (ኣስመራ) ከም ዝስሓብ ተገብረ፡፡ ነዚ. ዕድል'ዚ. ተጠቒሙ ድማ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ፡ ምሸታዊ ትምህርቲ ቐጸለ፡ ብ1997 ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ብምውዳእ ማትሪክ ወሰዱ ሓለፈ፡፡ ሸዑ ብቐጥታ ግን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣይኣተወን፡፡ ኑቲ ዝተማዘዘሉ ሞያ ጋዜጠኝነት መጽሄት "ሕድሪ" ዘድሊ. ስልጠና ንኽወስድ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 1997/98 ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ መደብ ሰርቲፊኬይት ኣትዩ ተማሂረ፡፡ ኑቲ ስልጠና ምስ ምውድኡ ኩናት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ስለ ዝተላዕለ ግን፡ ዜናዊ መኾተ ናይቲ እዋን ኩናት ንምድልዳል ካብ ህ.ግ.ደ.ፍ. ናብ ሚኒስትሪ ዜና ካብ ዝተዋፈሩ ክኢላታት ነበረ፡፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ምስቲ ኩናት ዝተኣሳሰር፡ ኣብቲ ማእከላይ ቦታን ሓደ ካብ ወኪላት ድምጺ. ሓፋሽ ኣብ ግንባራትን ኮይኑ ዝፈጸሞ ጋዜጠኛዊ ዕማማት፡ "ዙራ ንሃገርካ" ብዝብል ኣርእስቲ ዘዳለዎ ዝነበረ፡ ብድምጺ. ሓፋሽ ዝተፈነወ ምስ ንኡሳን ዞባታት ኤርትራ ዘላሊ. መደብ፡ ብዙሕ ሰማዒ. ዝከታተሎ ዝነበረ መሃርን ተበሃግን ምንባሩ ይዝከር፡፡

መኰነን፡ ድሕሪ'ቲ ኹናት፡ ብ2000 ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብምእታው፡ ስነ ሰብ (Anthropology) ተማሂሩ ብግረይት ዲስቲንክሽን ብቢ.ኤ. ዲግሪ 2005 ተመረቐ፡፡ ጎድኒ ጎድኒ'ቲ ስሩዕ ትምህርቱ ኸኣ፡ ብንባብን ካልእ ሓበሬታ ዝርከበሉ መንገድታትን ኑብሱ ብቐጻሊ. ዘማዕብልን ዝምህርን ሃዳኒ ፍልጠት ነበረ፡፡ ብመጠን'ቲ ንትምህርቲ፡ ስልጠናታትን ምምዕባል ዓቕሙን ዝነበሮ ህርፋን ድማ፡ ንዝደለዮ ፍልጠት ብዝለዓለ ደረጃ ዝተጠቐመሉ በዓል ሞያ ክኸውን ክኣለ፡፡ መኰነን፡ ኣብ ምርምራዊ ፍልጠት ዝኣምን፡ ጭብጥታት ክብርብር ዘይድቅስን ሓበሬታ ሽለል ዘይብልን ደራሲ. ብምንባሩ፡ ስነ ጽሑፋዊ ፍርያቱ፡ ኣብ ዕምቈ ዝበለ ኩሉ ጉድናዊ መጽናዕቲ ዝተመስረቱ እዮም፡፡ ተተኸሊ ዝሰርሕ፡ ኣዝዩ ህርኩትን ቅልጡፍ ኣፍራይን ጸሓፋይ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ኣብ ሓያሎ ምድባት ዝኽፈል ስነ ጽሑፋዊ ኣበርክቶኡ ብድምር ክርአ ከሎ፡ ካብ ክግመት ዝኽእል ንላዕሊ. ብዙሕ'ዩ፡፡

ይቕጽል



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

እስጢፋኖስ ተኸስተ ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ እስጢፋኖስ መጻሾ ኣስራት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብረሀት ገብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ተ/ጋ ተኸስተ ኣረጋይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳንም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቶ ሕሩይ ኣማኑኤል በርሀ፡ ኣደይ ኣረጋሽ ኣድሓኖም ደስታ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቴድሮስ ጸጋይ ገብረማርያም፡ ኣደይ ብርኽቲ ተኽለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሓበን ክብሮም ዑቕባስላሴ፡ ኣደይ ደሃብ ጸገ ባህልቢ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ሳሮን ኤርሚያስ ገብረእግዝኣብሄር፡ ስም ኣደይ ዛይድ ገብራይ ዓርኩ ምባል ተሪፉ፡ ኣልማዝ ቀንኣ ሃገሬ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃይለ መዝገበ ምባል ተሪፉ፡ ሃይለሚካኤል መዝገበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ. 47 ይቕረብ።

ልዳጅ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ልዳም ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ. 47 ይቕረብ።

### ምስጋና






ብሞት ፍቑራት ደቀይ ኣቤል ሃብተማርያምን ሃና ሃብተማርያምን ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ዝቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ተመላሊስኩምን ካብ ወሸጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ወላዲቶም ወ/ሮ ምዕራፍ ወልዱ

ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና





ወላዲና ሓድጉ ዑቕቡ ወልደኣብዝጊ ከምኡ'ውን ወላዲትና ትብለጽ ምስየና ሃይሉ፡ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ስለ ዝተፈለዩ፡ ኣብ ኣውስትራልያ ካብ ግዜ ዕረፍቶም ጀሚርኩም ዘጸናናዕኩምናን ዘተሓዘንኩምናን ከምኡ'ውን ሪሳ ናይ ወለድና ናብ ኤርትራ ኣብ ምምጻእን ዝቃበርኩምናን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዖጸና ብትሕትናን ብኣኽብሮትን ንሕብር።

ምሉኣት ስድራቤት

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ፕሎት 121 ቁጽሪ ፓርሰል/ዞን ASP00039587 ፓርሰል B ስፍሓት መሬት 500 ት/ሜ ከቢ. /ዚፕ ኮድ 1A172 ቲራቮሎ ጎደና 172-1 ቁጽሪ ገዛ 74 ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1፡006233/1 ብዕለት 08/11/2011 ዓ.ም ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ስለዝሸጥኩዎ'ሞ ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

የሱፍ ዓብደላ ርዝቀይ

ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብስም ሳሊሓ ኣሕመድ ማሕሙድ ናይ ትሕጃ መሬት ዘተሓዝክዎ ገዝዞብ ናይ ዝኸፈልክሉ ሰድ ቅብሊትን ናይ ሊዝ መሬትን ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07137562 ወይ ብናይ ገዛ 116532 ብምድዋል ክሕብረኒ እናኣመልከትኩ፣ እንተዘይኮይኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ቅያሩ ከውጽእ ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሳሊሓ ኣሕመድ ማሕሙድ

ብስም ሂወት ማና ክፍለዝጊ ኣብ ዓዲ/ከቢ ዓዲ ሰጉዶ ብመወከሲ ቁጽሪ 001230 ብቑጽሪ ምስክር ወረቀት 009010 ፕሎት 14 ፓርሰል ፓን መርበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ ብቑጽሪ ስልኪ 07182037 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ሂወት ማና ክፍለዝጊ

ኣነ ሰለሙን ኪዳነ ተስፋጋብር ዝተበሃልኩ እቲ ካብ ኣዴና ዝወረስናዮ መንበሪ ገዛ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና ከረን ባምቢ ከረን ቁጽሪ ገዛ 153 ፕሎት 36 ፓርሰል E ስፍሓት መሬት 154.50 ት/ሜ ብቑ. ንብረት 1BRASM004579/1 ዝተመዝገበ መወከሲ ቁ.7,419 ሓፍተይ ኣኽበረት ኪዳነ ተስፋጋብር እቲ ናታ ናይ ብጽሒት ህያብ ስለዝሃበትኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ኣድላይ መርትዖ ሒዙ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሰለሙን ኪዳነ ተስፋጋብር

ኣብ ዞባ ማእከል ማ/ከተማ ጎደና ደንደን ቁ.ገዛ 3 ብቑጽሪ/ፍቓድ ዋኒን ASL00036716 ናይ መሸጢ መቀያየሪ ኣቕሑት መካይን ትካለይ ንኣቶ የናስ ኣለም ኢሳቕ ኣድራሻ ዞባ/ደ/ቀ/ባሕሪ ን/ዞባ ዓሰብ ጎደና ዓሰብ ከበር ቁ.ገዛ 17/49 ብዕለት 30/1/24 ቁ.መዝ 19/2024 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፡ ብስም ወዘቢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተረኺቢ ከም ዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ኣመልካቲ ኣለም በርሀ ግ/ተኽለ

ኣነ ሚካኤል ተስፋይ+1 ኣብ ምምሕዳር ኣኽርያ ንኡስ ገዛ ዐብል ጎደና 135-17 ቁጽሪ ገዛ 8 ዚፕ ኮድ 1A135 ፕሎት 18 ፓርሰል D ንብረት ምም. ASD00024025 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ገዛ፡ ብስም ሚካኤል ተስፋይ +8 ዝተመዝገበ ብውህብቶ ስለዝሃብናዮ'ሞ ናብ ስም ተቐባሊቲ ከነመሓላልፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓፕሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪብና ስም ከነመሓላልፍ ምኳንና ንሕብር።

ሚካኤል ተስፋይ +1

ብስም ተስፋዝጊ ኣብርሃ ሓጎስ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00030403 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ሳዋ ቁ.ገዛ - ዝርከብ ናይ መሸጢ መቀያየሪ ኣቑሑት መኪና ትካለይ ንወ/ሮ ሰናይት ክፍላይ በኺት፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና 189-1 ቁ.ገዛ 64 ካብ ዕለት 1/7/24 ክሳብ ዕለት 30/6/26 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ተስፋዝጊ ኣብርሃ ሓጎስ

ነቲ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከቢ ሓዝሓዝ ጎደና 115 -5 ቁ/ገዛ 82 ዚፕ ኮድ 1A157 ፕሎት 11 ፓርሰል 1 ዝርከብ፡ ብስም ኢትዮጵያ ፍስሃየ ገብሩ ብቑ. ንብረት 1BRASM001853/0 ዝተመዝዘበ ገዛ ብውህብቶ ስለ ዝሃበትኒ፡ መንበሪ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምኳነይ እሕብር።
ኣኽበረት የሴፍ ደስታ

ወኪል ልኡላዊት የማነ መሓሪ

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ሰምበል፡ ጎደና ለ ቁ.ገዛ 31 ዝርከብ ዞባ 4 ምም.12 ኣብ ኮምሸን ኣብይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 103566 መወከሲ ቁጽሪ 119523 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ካብ ኣቡሓጎናን ዓባይናን ነ/ፍ ሃብተማርያም ገብረሚካኤል ፍሱሓን ነ/ፍ ሕርይቲ ባህብላ ኽልብን ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ከነመሓላልፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምኳንና ንሕብር።

ኣለም እምሃ ኣርኣያ +5

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሰበ-ስልጣን ህ/ሪ ቻይናን ዩክሬንን ተላዚቦም

ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ኲናት ዩክሬን ንምዕራፍ እተኻይዶ ጻዕሪ ከም እተሓይሎ ደጊማ ገሊጻ።


እዚ ዝተሓበረ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ዪ - ዝሓለፈ ረቡዕ ምስ ዩክሬናዊ መዛኑኡ ዲሚትር ኩሌባ ኣብ ዘካየዶ ርክብ እዩ።

ኑቲ ኣብ በይጂንግ ዝተኻየደ ክልተኣዊ ርክብ - "ኲናት ሩስያን ዩክሬንን ብዘተ ንምዕራፍ ንዘካየድ ተወሳኺ ዝርርብ - ባይታ ዘጣጥሕ እወታዊ ወጽኢት ዝሀበ እዩ" ክብል ሚኒስተር ዋንግ ዪ ገሊጹዎ።

ቻይና እተርእዮ ዝነበረ ናይ ሰላም ተበግሶ ዘመጐሰ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዩክሬን ዲሚትሮ ኩሌባ ብወገኑ፥ ሃገሩ ንዘተ ቅርብቲ ምዃና ሓቢሩ ኣሎ።

ፕረዚደንት ሺ ዢ ፒንግን ፕረዚደንት ቮሎድሚር ዘለንስኪን ኣብ ቀረባ መጻኢ ተራኺቦም ክዘትዩ ትጽቢት ከምዘየብር እቲ ምንጪ ሓቢሩ።

ቻይና፡ ኲናት ዩክሬን ብዘተ ንምዕራፍ - ቀጻሊ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ተኻይድ ከምዘላ እዩ ዝገለጸ።



## ፊሊፒንስ - ነዳዲ ዝጸዓነት መርከብ ተገልቢጣ

ዋንኩት ፊሊፒንስ ምዃና ዝተገልጸት - 1.4 ሚልዮን ሊትሮ ኢንዱስትርያዊ ነዳዲ ዝጸዓነት መርከብ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ጎማዥም ርእሱከተማ ማኒላ ከምእተገልበጠት ሰበስልጣን እታ ሃገር ገሊጾም።

ጠንቂ ናይ'ቲ ምግልባጥ፡ ርእሱከተማ ማኒላን ከባቢኣን - ኣብ ዝሓለፈ መዓልትታት 'ጋኤሚ' ብዝተሰምየ ህቦብላ ዝተሰዐ ብርቱዕ ዝናብ ምዕልቕላቕ/ ምዕብላኽ እዩ።

እቲ ዝፈሰሰ ነዳዲ፡ ኣብ'ቲ ዕቱብ ማዕመር ማይ ንሓያሎ ኪሎሜተራት ተዘርጊሑ ብምህላው፡ ተቐላጢፍካ ንምቁጽጻሩን ጠጠው ንምባሉን ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ገፊፍቲ ዓሳ - መተኣብርኦም ኣብ'ቲ ዝጥቀስ ዘሎ ማያት ዝምርኮስ ብምዃኑ እውን ንቀጠባዊ ጸገማት ክቃልዑ ከምዝኽእሉ ስግኣታት ኣሎ።

ኣብ'ታ መርከብ 17 ሰራሕተኛታት ከምዝነበሩን ብዘይካ ሓደ - እቶም 16 ብህይወት ከምዝድሓኑን እቲ ሓበሬታ የረድእ።

ኣብ ፊሊፒንስ ሓደ ካብ'ቲ ብዙመሳሳሊ ሓደጋ ዘጋጠመ ዝኸፍአ ምኻዕው ነዳዲ፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2023 ዘጋጠመ ኮይኑ፥ 800 ሽሕ ሊትሮ ኢንዱስትርያዊ ነዳዲ ዝጸዓነት መርከብ - ኣብ ደሴት ሚንዶሮ ብምጥሓል ዝተኸሰተ ምዃኑ ይግለጽ።

ሻቡ እቲ ነዳዲ፡ ኣብ ልዕሊ ብኣማኢት ኪሎሜተራት ዝነውሓቱ ማያት ብምዝርጋሑ፥ ኣብ ኢንዱስትሪታት ምግፋፍ ዓሳን ቱሪዝምን ናይ'ታ ሃገር ዓቢ ክሳራ ከምዘውረደ ናይ ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ።



## "ጃፓን፡ ንምስፍሕፋሕ ኣመሪካ ተቐላጢፋ ኣላ" ሩስያ

ጃፓን ኑቲ ኣመሪካ ኣብ ዞባ ኤስያ-ፓስፊክ ወተሃደራዊ ጽልዋኣ ንምዕባይ ተካይዶ ዘላ ምስፍሕፋሕ ተቐላጢፋ ከምዘላ ሩስያ ወቒሳ።

ሩስያ ኣዚ ወቐሳ እዚ ዘስመዐት፡ ጃፓንን ኣመሪካን - ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣብ ዘካይዳሉ ዘለዉ እዋን እያ።

ኑቲ ኣብ ከባቢ ዶባታ ዝካየድ ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ 'ተኹታኺ' ክትብል ዝገለጸቶ ሩስያ፡ ዝምጽኦ መልሱ ግብሪ ክምእትወስድ ኣጠንቂቓ ኣላ።

ኣመሪካ ኣብ መሬት ጃፓን ሚሳይል ናይ ምትካል መደብ ክህልዋ ከምዝኽእል እውን እትእምት ሩስያ፡ ንቕጻሊ ምዕባለታቱ ብዕቱብ ትከታተሎ ከምዘላ ክትሕብር ጸኒሓ ኣላ።

ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ፡ ብቐንዱ ድማ ኣመሪካ ኣብ ዞባ ኤስያ-ፓስፊክ ዘካይድኦ ዘለዉ ወተሃደራዊ ንጥፈታት፡ ኑቲ ዞባ ኣብ ጸጥታዊ ሓደጋ ከእትዎ ከምዝኽእል፡ ምስ'ቲ ከባቢ ቅርበት ዘለዎም ተንተንቲ ከጠንቅቑ ጸኒሖም እዮም።

ኣመሪካን ገለ መሻርኽታን ኣብ'ቲ ዞባ ምስ ኔቶ ዝመሳሰል ካልእ ወተሃደራዊ ኪዳን ንምምስራት ድልየት ከምዘለወን እውን እቶም ተንተንቲ ወሲኾም የረድኡ።



## ኣውስትራልያ፡ ንእስራኤላውያን ሰፋሮ ምዕራባዊ ገማግም ኣጊዳ

መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ኣብ ልዕሊ ዝሰፈሩ ዜጋታት እስራኤል - ናይ መገሻ ከምኡ'ውን ፊናንሺያዊ እገዳታት ከምዝጸደቐ ተሓቢሩ።

መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ 7 ውልቀሰባትን ሓደ ሃይማኖታዊ ጉጅለን ዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ምስ ዝፍጸም ዘሎ መጥቃዕቲታት - ቀጥታዊ ምትእስሳር ከምዘለዎም ድሕሪ ምርግጋጽ ምዃኑ ገሊጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣውስትራልትያ ፒኒ ዎንግ፡ እቲ ብ 'ሂልቶፕ ዩዝ' ዝፍለጥ እስራኤላዊ ሃይማኖታዊ ጉጅለ፡ ኣብ ምልዕዓል ጭቡጥ ኣንጻር ፍሊስጤማውያን ምጉባት ገለ ክፋል ምዕራባዊ ገማግምን ክሰጥፍ ከምዝጸንሐ ኣረዲኣ።

እቶም 7 ውልቀሰባት ድማ፡ ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ከምዝቕመጡን ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ዝተፈላለየ መጥቃዕቲታት ክፍጽሙ ዝጸንሑን ምዃኖም፡ እታ በዓልቲ-ስልጣን ሓቢራ።

ንሳ ወሲኻ "እቲ ብየም ውልቀ-ሰባትን በቲ ጉጅለን ክፍጸም ዝጸንሐ መጥቃዕቲታት፡ ኣብ'ቲ ዞባ ንዘሎ ዘይምርግጋእ ዝያዳ ዘብኣሱ፡ ሰላማዊ ፍታሕ ንምምጻእ ንዘሎ ተስፋ ዘዳኽም እዩ" ኢላ።

ብተወሳኺ እቲ ስጉምቲ ዝተወስደ፡ እስራኤል ኣብ መሬት ፍልስጤም ሰራሓቶም ዘላ ሰፈራታት - ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ 'ዘይሕጋዊ' ምዃኑ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ድሕሪ ምርግጋጹ እዩ - ብመሰረት ሓበሬታኡ።

መንግስቲ እስራኤል፡ ኑቲ እገዳታት 'በይናዊ ስጉምቲ' ክብል ኮኒንዎ ኣሎ።

መንግስቲ ኣውስትራልያ ዝወሰዶ ስጉምቲ፡ ሃገራት ብሪጣንያ፡ ኣመሪካ፡ ካናዳን ጃፓንን ንዝወሰድኦ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ሰዒቡ እዩ።

'ሂልቶፕ ዩዝ'፡ ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ሓደስቲ ሰፈራታት ዝምስርት ዘሎ እስራኤላዊ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ምዃኑ ይግለጽ።



## ብዝሒ ህዝቢ ጃፓን የንቈልቍል

ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ጃፓን ንመበል 15 ተኸታታሊ ዓመት ምንቍልቋል ከምዘርኣየ - ዝሓለፈ ረቡዕ ዝተዘርግሐ መረዳእታ መንግስቲ እታ ሃገር ኣመልኪቱ።

ኣብ ጃፓን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ቍጽሪ ዝውለዱ ህጻናት - ናብ 730 ሽሕ ብምውራዱ፡ ክብረ-ወሰን ዝሓዘ ትሑት ቁጽሪ ልደት ኮይኑ ከምእተመዝገበ ይዝክር።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 1.58 ሚልዮን መጠን ሞት እውን ብምምዝጋቡ - ብዝሒ ህዝቢ'ታ ሃገር ከምእተጸለወ ጸብጻባት ኣረዲኦም።

በዚ ድማ መንግስቲ፡ ከም ኣካል ናይ 2024 ባጀት - መንእሰያት መጻምድቲ ዝያዳ ቆልዑ ንኽወልዱ ንምትብባዕ 34 ቢልዮን ዶላር ሰሊዑ ከምዘሎ ተገሊጹ።

እቲ ስጉምትታት፡ ብዓበኡ ክወልዱ ንዝሓሰቡ ወይ'ውን ደሮ ንዝወለዱ ስድራቤታት ዝዓለመ ደኣ'ምበር፡ ኑቶም ክምርዓዉ ፍቓደኛታት ዘይኮኑ መንእሰያት ዝምልከት ከምዘይኮነ ክኢላታት ይዛረቡ።

ብዝሒ ህዝቢ ጃፓን ኣብ 2070 ብኣስታት 30 ሚእታዊት ክጐድል ምዃኑ፥ ከም ወጽኢቱ ድማ - ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ'ታ ሃገር ናብ 87 ሚልዮን ክወርድ ከምዝኽእል ይግመት።

ኣብ ጃፓን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ካብ 10 ሰባት እቶም ኣርባዕተ ዕድሚኦም 65 ዓመትን ልዕሊኡን ከምዝኾኑ ይጥቀሱ።

ኣብ ጃፓን ዘሎ ሸቕለት ኣልቦነትን ክብሪ መነባብሮን ገለ ካብ'ቲ ንጠንቂታት ትሑት መጠን ወሊድ ምዃኑ ይጥቀሱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኤደን | 26/07/24 | ከባቢ ዩኒቨርሲ ጥቓ ባር ሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services